# ሰብዓ እንደርታ

መስከረም 5, 2000

ለዛይ ዓደይ
ደመይ መዓርገይ
ካብ ወለድትይ
ልወረሥኹዎ መንነትይ
ሀ ሁ ኢለ ልትመሀርኹዎ ካብ ቃደመይ
እዙ ዓሳ ዓና
ዘርእይ እንትቀናቀነኒ
እንተናዕቀኒ
ደቀይ ልከይመራመሩ
እንቅፋት እንትኾነኒ
ሪእዮ አለኹ
አስተዊዕለዮ አለኹ እዙ ሻጥሩ
ልገብሮ ለሎ ፃዕሪ
ደቂ እንደርታ ልከይመሀሩ
ለይፀዎዕኹዎ ለይዓደምኹዎ
አብ መረባይ አትዩ ደመይ ብከንቱ እንተፍስሶ
ኸፉእ ዲቃላ ሰይጣን ልወረሶ
ሰይጣን ልወሓሶ



ለለ ለለ ኢለ እንተንቆርቁሮ
እንትዝምሮ እንትፅሕትሮ
ለለ ለለ ልበሃል የለይ ኢሉ
ኤክስ (X) እንትህበኒ
ለለስ የናይናይ እንተበልኻያ
እዛ ኤክስኸ (X) ኸ ናመን እያ?
በበይ ገይራ መፅእት ትዉልዳኸ አበይ እያ
ኢለ እንተጠየቅኹዎ ብትሕትኛ
በለይ ሓይሊ
ፅቡቅ መልሲ ለይብሉ
ዲያብሎስ ዳኛ።

ወይለይ ወይለይ
ባህለይ ታሪኸይ
ናወለድተይ ናባዕለይ
ድሕሪ ገዛይ መረባይ
መዳሕንተይ ልቀበርኹሉ ርሰተይ
ዘመን ሳብ ዘመን
በለይ ዕንቅፋት
ብለይ ሓንቲ ጥያቀ
መን ኢኻ ወዲ መን ኢኻ ተለይ ትብሃለ
ግዚኡ ሓሊዉ
ባህለይ ታሪኸይ
ብሰላም ብፍቅሪ
ካብ ዉሉድ ልዉሉድ ልተሸጋገረ
ካብ መአዝ ሳብዙይ እዩ
መንነተይ አብ ጥያቀ ልሓደረ?

ወድመን ኸ እዩ
ካበይ ኸ መፅእና
በሸይ ገይሩ ኽ በረቀ
መቦቆሊኡ ብሱሩ ዘርኡ
ተለይዓደምናዮ ለሳገሰ
ልአና መሲሉ
ዓይኑ እላኽመስመስ

ትህትኛና ኾሪጁ
ካብ መፅሓፍ ባህልና
ጩጉረ ለወጥ
ወዲ ሩጉም ሸንቲ
ሕማቅ መዳሕንቲ
ለይ ዘራእናዮ ልቦቆለ
እምቢ አሻፈረኝ ኢሉ ልቡ ልዓንደረ
አይናዉጣ ጉቱር
ለይሓፍር ፉጡር
አብ ለይተዓደሞ ዳስ አትዩ ልዕንድር
ነዉሪ ለይትምሃረ ደፉር ፉሉል

መድሕዚ ለይብሉ ሞላጫ
ልአና መሲሉ ዉልድና
ልበላዕናዮ በሊዑ ልሠተናዮ ሠትዩ ፀንቂቁ
ሃም ነፉሒቶ ሳተለዋወጠ
ሀመይ እንተኾነ እዩ
እዙ ነዉራም እዙይ ሀምዙይ ገይሩ ለሳገፀ?

ለለየ ለለየ ኢለ ከንቆርቁሮ
አካኪ ዘርፍ ኢለ ክዝምሮ
አጉል ምሕምባጥ
ናዳማትኻ ጣይታ

ለይናትኻ ጋጉባ
ለይ ደኸምኽሉ ለይ ረሃፅኻሉ
ምዕማፅ ተለሚዱ
ተለሚዱ ሙቁልዋጥ
አታ መአዝ እዩ ልወፅእ ዙ ልዋጥ።

ወዲ ሰብዓ እንደርታ
ፅሩይ ማይ